ናብ LAXÅ እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም

LAXÅ KOMMUN

# እቲ ስርዓተ ቤት ትምህርቲ ሸወደን



# ቅድመ ትምህርቲ (Förskola)

ኣብ ሞንጎ ሓደ ዓመትን ሓሙሽተ ዓመትን ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ህጻናት ብሓባር ምስ ካልኦት ህጻናት ክጻወቱን ገለ ነገራትን ይምሃሩ።

እንድሕሪ ትምሃር ወይ ትሰርሕ ኮንካ ዉላድካ ካብ ሓደ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክኸይድ ይኽእል፡ ነቲ ቦታ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊት ትኸፍል።

እንድሕሪ ዘይትምሃር ወይ ዘይትሰርሕ ኮንካ ህጻንካ ካብ ወዲ ሰለስተ ዓመት ናብ ናይ ሓፈሻዊ ቅድመ ትምህርቲ (allmän förskola) ክኸይድ ይኽእል፡ ኩሎም ኣብ ሞንጎ ሰለስተ ዓመትን ሓሙሽተ ዓመትን ዘለዉ ህጻናት ናብ ናይ ሓፈሻዊ ቅድመ ትምህርቲ ክኸዱ መሰል ኣለዎም፡ ሓፈሻዊ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ሰሙን 15 ሰዓት ኮይኑ ኣይክፈሎን እዩ፡ እንድሕሪ ድኣ ዉላድካ ናብ ቅድመ ትምህርቲ ክኸይድ ደሊኻ ናብቲ ምምሕዳር ከተማ (kommun) ተመልከት።

ኣብ ምምሕዳር ከተማ Laxå ኣብ ከባቢ ከተማ Laxå ቅድመ ትምህርትታት ኣሎ፡ ኣብ Finnerödja፣ Hasselfors ከምኡ ዉን ኣብ Tived፡

ከባቢ ከተማ Laxå - ቅድመ ትምህርቲ Lindåsen ከምኡ ዉን ቅድመ ትምህርቲ Saltängen

Finnerödja - ቅድመ ትምህርቲ Jordgubben

Hasselfors - ቅድመ ትምህርቲ  Junibacken

Tived – ቅድመ ትምህርቲ Tiveds

# መሰል ናይ ትምህርትን ናይ ትምህርቲ ግዴታን

ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ክልቲኡ መሰልን ግዴታን እዩ፡ ኣብ ሽወደን ኩሎም ህጻናትን ቆልዑን ኣብ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ (ኣዚሎ)ን መባእታ ቤት ትምህርትን ክኸዱ ናይ ግድን እዩ፡ ኩሎም ቆሉዑ ኣብታ ሹዱሽተ ዓመት ዝመልኡላ ናይ ቀዉዒ ሰሚስተር (höstterminen) ትምህርቲ ክኸዱ ግዴታ ኣለዎም፡ ግዴታዊ ትምህርቲ ክኣ ይብሃል፡ ግዴታዊ ትምህርቲ ክሳብ 9ይ ክፍሊ ይሸፍን፡ እቲ ቆልዓ ንትምህርቲ ክኸይድ እቲ ሓላፍነት ናይ ወለድን ናይቲ ተመሃራይን ናይ ማለት ክልቲኦም እዩ።

ኩሎም ቆሉዑን መንእሰያትን ንኽምሃሩ መሰል ኣለዎም፡ ዑቕባ ዝሓቱ ቆልዑ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ መሰል ኣለዎም ግን ግዴታዊ ትምህርቲ የብሎምን።

ቅድመ ትምህርቲ፣ መባእታዊ ትምህርቲ ከምኡ ውን ካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ ንምምሃር ኣይክፈሎን እዩ።

# ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ (Förskoleklass)

እቲ ቆልዓ ሹዱሽተ ዓመት ዝመልኣላ ዓመት እቲ ቆልዓ ኣብ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ ቦታ ይህልዎ፡ ቆሉዑ ኣብቲ ናይ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ ንሓደ ዓመት ይኸዱ፡ ኩሎም ቆልዑ ናብ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ ክኸዱ ግድን እዩ።

ኣብ ምምሕዳር ከተማ Laxå ናይ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ Finnerödja ከምኡ ኸኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ Saltängsskolan ኣሎ።

# መባእታ ቤት ትምህርቲ (Grundskola)

መባእታ ቤት ትምህርቲ ን ኣብ ሞንጎ 7 ዓመትን 16 ዓመትን ዘለዉ ቆሉዕ እዩ፡ ኩሎም ቆሉዑ ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ናይ ግድን እዩ፡ ሰብ 7 ዓመት ምስ መልአ መባእታ ቤት ትምህርቲ ይጅምር፡ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ ብዙሕ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርትታት (ሳብጀክትስ) ይምሃሩ፡ ንምሳሌ ዛንታ፣ ሃይማኖት፣ ሕሳብ፣ ኢደ-ጥበብ፣ ስፖርት ከምኡ ዉን ቋንቋ ክኸዉን ይኽእል።

ስንክልና ዘለዎም ቆልዑ ኣብ ክንድኡ ኣብ ንዕኦም ዝመጣጠን መባእታ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ፍልይ ዝበለ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ፡ ኣብኡ እቲ ትምህርቲ ነቲ ናይቶም ቆልዑ ዓቕሚ ከም ዝሰማማዕ ይግበር፡ እቲ ተመሃራይ ኣብቲ ንተመሃራይ ዝሰማማዕ ትምህርቲ ክምሃር ዝክኣል እንድሕሪ ኮይኑ እቲ ምምሕዳር ከተማ እዩ ዝዉስን፡ ኣብቲ ዝተመጣጠነ ቤት ትምህርቲ ዝምሃሩ ካብ 1ይ ክፍሊ ክሳብ 9ይ ክፍሊ ዘለዉ ቆሉዕ እዮም።

ኣብ ምምሕዳር ከተማ Laxå ሰለስት መባእታ ቤት ትምርትታት ኣለዋ፡ ኣብ ከባቢ ከተማ Laxå ቤት ትምህርቲ Saltäng ከምኡ ዉን ቤት ትምህርቲ Central ኣለዋ፡ ኣብ Finnerödja ቤት ትምህርቲ Finnerödja ኣላ።

# Mottagningsgruppen ናይ ሓደሽቲ መጻእቲ ተመሃሮ ተቐበልቲ ጉጅለ

ናብ ሽወደን ዝመጹ ሓደሽቲ ተመሃሮ ኣብ ናይ መዳለዊ ክፍሊ ክጅምሩ ይኽእሉ፡ ኣብዚ እቲ ሓድሽ ዝመጸ ተመሃራይ ናይ ሽወደን ቋንቋ ስልጠና ይዉሃቦ፡ ከምኡ ዉን ኣካይዳ ቤት ትምህርቲ ኣብ ሽወድን ይምሃር፡ መመህር ናይቲ ተመሃራይ ናይ ቤት ትምህርቲ ድሕረ-ባይታ የጽንዕ፡ ኣብቲ ናይ መዳለዊ ክፍሊ እቲ ትምህርቲ ነንፍሲ ወከፍ ተመሃራይ ዝተፈለየ ክኸዉን ይኽእል እዩ፡ እዚ ኣብ ዕድመ፣ ናይ ኣደ ቋንቋ፣ ወይ ኣብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልጠት ዝተምርኮሰ ክኸዉን ይኽእል፡ ብዝቐልጠፈ ግዜ እቲ ተመሃራይ ናብቲ ንቡር ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ክቕጽል ኣለዎ።

እቶም ናይ ተቐበልቲ ጉጅለ ኣብቲ ናይ ቤት ትምህርቲ Central ኣዳራሽ ኣለዉ።

# መዝናናዒ ገዛ (Fritidshem)

መዘናግዒ ገዛ ናብ ቤት ትምህርቲ ንዝኸዱ ኣብ ሞንጎ 6 ዓመትን 12 ዓመትን ዘለዉ ቆሉዑ እዩ ዝምልከት፡ መዘናግዒ ገዛ ፍሪቲድስ (fritids) ተባሂሉ ዉን ይጽዋዕ፡ ወለዲ ዝሰርሑ ወይ ዝምሃሩ እንተ ኾይኖም ቆሉዕ ናብ ፍሪቲድስ ክኸዱ ይፍቀደሎም፡ ቆሉዕ ኣብ ፍሪቲድስ ቅድሚ ትምህርትን ድሕሪ ትምህርትን ክጸንሑ ይኽእሉ፡ ቤት ትምህርትታት ብዕረፍቲ ኣብ ዝዕጸዎሉ ግዜ ፍሪቲድስ  ክፉት እዩ።

መዘናግዒ ገዛ ኣብ ከባቢ ከተማ Laxå ኣብ ኣዳራሽ ናይ ቤት ትምህርት Saltäng ከምኡ ዉን ኣብ ኣዳራሽ ቤት ትምህርቲ Central ኣሎ፡ ኣብ Tived ከምኡ ዉን ኣብ Hasselfors እቶም ቆሉዑ ናይ ትምህርቲ ክንክን (pedagogisk omsorg) ክረኽቡ ይኽእሉ፡ እዚ ናይ ትምህርቲ ክንክን ኣማራጺ ናይ መዝናግዒ ገዛ እዩ።

እንድሕሪ ዉላድካ ኣብ ፍሪቲድስ ክጅምር ደሊኻ ነቲ ቦታ ከተምልክት ናይ ግድን እዩ፡ ዉላድካ ኣብቲ ፍሪቲድስ ቅድሚ ምጅማሩ ምምልካት ከድልየካ እዩ።

## ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ (Gymnasieskola)

ድሕሪ መባእታ ቤት ትምህርቲ መንእሰያት ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም፡ ኩሎም መንእሰያት ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ መሰል ኣለዎም፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብድልየት ኮይኑ ኣይክፈሎን እዩ፡ ካብ 16 ክሳብ 20 ዓመት ዝዕድመኻ እንድሕሪ መባእታ ቤት ትምህርቲ ሓሊፍካ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ክትምሃር ትኽእል ኢኻ፡ ንመንእሰያት ናይ ምሁራዊ ስንክልና (intellektuell funktionsnedsättning) ዘለዎም ንዕኦም ዝመጣጠን ናይ ካልኣይ ደርጃ ቤት ትምህርቲ (anpassad gymnasieskola) ኣሎ፡ ዝተመጣጠነ ናይ ካልኣይ ደርጃ ቤት ትምህርቲ ብድልየት ኮይኑ ኣይክፈሎን እዩ፡

እቲ ዝቐረበ ካልኣይ ደርጃ ቤት ትምህርቲ ኣብ Hallsberg ይርከብ፡ ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ሓደ ናይ ትምህርቲ መንገዲ ሓባሪ ክኢላ ማለት ኣማኻሪ ተመሃራይ (studievägledare) ብዛዕባ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ምኽሪ ክህበካ ዝኽእል ኣሎ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ናብቲ ትደልዮ ትምህርቲ ክትሓትት ወይ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ክትሓትት ናይ ምምሕዳር ከተማ ናይ ተሌፎን ማእከል፡

መተሓሳሰፊ: 0584-47 31 00

# ትርፊ ግዜ፣ ባህሊ ከምኡ ዊን ማሕበራት



ትርፊ ግዜ እቲ ባዕልኻ ብምርጫኻ ድላይካ ትገብረሉ ግዜ እዩ፡ ብምምሕዳር ከተማ ወይ ብማሕበራት ከምኡ ዉን ብኽበባት ዝዳሎ ብዙሕ ናይ ባህልን ናይ ትርፊ ግዜን ንጥፈታት ኣሎ።

## ትርጉም ዘለዎ ናይ ትርፊ ግዜ
## Meningsfull fritid

## ናይ መዘናግዒ ኣዳራሽ
## (Fritidsgården)

ናይ መዘናግዒ ኣደራሽ ንካብ 7ይ ክፍሊ ክሳብ 9ይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ እዩ ዝምልከት፡ ኣብቲ ናይ መዘናግዒ ኣደራሽ ጸወታ ክትጻወት ትኽእል፣ ናይ ቲቪ ጸወታን ፒንግ ፖንግን ክትጻወት ትኽእል፡ ከምኡ ዉን ክትስእል ሕብሪ ክትለኪ፣ ጋዜጣ ከተንብብ ወይ ክኣ ናይ ቤት ትምህርትኻ ዝተዉሃበካ ስራሕ (ሆም ዎርክ) ክትሰርሕ ትኽእል፡ ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ናይ Laxåhallen ናይ ኵዕሶን ካልእን ንጥፈታት ነዳሉ ኢና፡ ኣብዚ እሙናትን ዘቕስኑን ብጹሓት መራሕቲ ኣለዉ፡ ቅልል ዝበል መግቢ ወይ ጥዓሞት ክትገዝእ ትኽእል፡ እዚ ናይ መዘናግዒ ኣደራሽ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታትን ምሸትን ክፉት እዩ።

## ቤት ትምህርቲ ባህሊ (Kulturskolan)

ቤት ትምህርቲ ባህሊ ናይ Laxå ንካብ ኣዚሎ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዘለዉ ቆልዑን መንእሰያትን እዩ ዝምልከት፡ ንምሳሌ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባህሊ ናይ ሙዚቃ ኢንስትሩመንት ክትመልካ፣ ክትደርፍ፣ ክትስእል ወይ ትያትር ክትጻወት ክትምሃር ትኽእል ኢኻ፡ ንኽትሳተፍ ምኽፋል ኣየድልየካን እዩ ብነጻ እዩ፡ እንታይ ተገዳስነት ከም ዘሎካ ኣብቲ ናይ ምምሕዳር ከተማ Laxå ናይ መርበብ ኢንተርንት ገጽ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ፡ ዝተመልአ ወረቐት ንናይ ትርፊ ግዜ መራሒ ወይ (fritidsledare) ወይ ንናይ ምምሕዳር ከተማ ናይ ትርፊ ግዜ ኣማኻሪ (fritidskonsulent) ኣብጽሓሎም፡ ተገዳስነትካ ኣብ ምንታይ ምዃኑ ደዊልካ ዉን ክትነግር ትኽእል ኢኻ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ብዛዕባ ስራሕና ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ Edlevo/edWise ከምኡ ዉን ብማሕበራዊ ሚድያ ትረክብ፡

Instagram: Meningsfull_Fritid_Laxå_kommun

Facebook: Meningsfull Fritid i Laxå kommun

ናይ ቡስጣ ኣድራሻና: Laxå kommun, Kultur och fritid, 695 80 Laxå

ንርከበሉ ኣድራሻ: Kulturens hus, skolgatan 7

ናይ ትርፊ ግዜ ኣማኻሪ (Fritidskonsulent): 0584-47 33 30, 070-241 43 78

## ቆሉዑን መንእሰያትን ኣብ ቤተ ክርስትያን

ቆሉዑ ካብ 0 ክሳብ 4 ዓመት

Kyrkis - ጸወታን ብሓባር ምህላዉን ኣብ Casselgården ምስ ናይ ስድራ ማእከል (familjecentralen) ብምትሕብባር ሓሙስ ሓሙስ ካብ ስዓት 9.00 ክሳብ 11.30

Kyrkis ኣብ Finnerödja ናይ መአከቢ ገዛ ሶኑይ ሶኑይ ካብ ስዓት 10 ክሳብ 14.30

ቆልዑ ካብ 5 ክሳብ 6 ዓመት

Minisar - ኣብ Casselgården ሰሉስ ሰሉስ ካብ ስዓት 16.30 ክሳብ 18.00፡ ብቑጽሪ ተሌፎን፡ 0584-44 46 38 ኣመልክቱ

ንኣሽቱ (Miniorer) - ኣብ Hasselfors ናይ መአከቢ ገዛ ን ቆሉዑ ካብ 5 ክሳብ 7 ዝዓመቶም ቆልዑ

ካብ 1ይ ክሳብ 3ይ ክፍሊ ዘለዉ ቆሉዑ

Miniorer - ኣብ Casselgården ሰሉስ ሰሉስ ካብ ስዓት 16.30 ክሳብ ስዓት 18.00

ካብ 4ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ ዘለዉ ቆሉዑ

ናይ ቤተ ክርስትያን ፍሪትድስ ኣብ Finnerödja መአከቢ ገዛ፡ ሶኑይ ሶኑይ ካብ ስዓት 15.30 ክሳብ ስዓት 18.00፡ ፒንግ ፖንግን ካልእ ጸውታ ንጻወት፣ ስራሕ ኢደ ጥበብ ንሰርሕ፣ ጥዓሞት ንበልዕን ካልእ ተወሳኽን፡ ናይ ፊልም ክበብ ኣብ Casselgården ሓሙስ ሓሙስ ካብ ስዓት 17.00 ክሳብ ስዓት 19.00።

ንስኻ ቁሩብ ዕብይ ዝበልካ

ዓበይቲ መንእሰያት ኣብ Casselgården ሰሉስ ሰሉስ ስዓት 18.30፡ ነዕልል ከምኡ ዉን ብሓባር ነገራት ንርኢ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ንገይሽን ዕዶት ንገብርን።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ቁጽሪ ተሌፎን: 0584-100 20

ኣድራሻ: Kyrkogatan 6, 695 30 Laxå

ኢ-መይል: bodarne.pastorat@svenskakyrkan.se

## Biblioteket እቲ ቤተ-መጽሓፍቲ

ኣብ ቤተ-መጻሓፍቲ መጻሓፍቲ ከተንብብን ክትልቃሕን ትኽእል፡ ኣብ ቤተ-መጻሓፍቲ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት መጻሓፍቲ ኣሎ፡ ከምኡ ዉን ጋዜጣታት፣ ናይ ድምጺ መጻሕፍቲ ኣሎ ከምኡ ዉን ክትጥቀመሎም ትኽእል ኮምፕዩተራት ኣሎ፡ ንኹሉ ሰብ ዕድመ፣ ጾታ፣ ድሕረ ባይታ ብዘየገድስ ሓንጎፋይ ኢልና ኢና ንቕበል፡ ንቤተ-መጻሕፍቲ ክትጥቀም ኣይክፈሎን እዩ።

ነቶም ኣብቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ዝሰርሑ ሕቶ ከተቕርበሎም ትኽእል ኢኻ፡ እቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ብኸመይ ከም ዝሰርሕ እንዳ ትሓጎሱ ክገልጹልካ ይኽእሉ እዮም ከምኡ ኽኣ ነቲ ትደልዮ ክትረኽቦ ይሕግዙኻ እዮም፡ ኣብዚ ናይ ስነ-ጥበብ ኣዳራሽ ዉን ኣሎ፡ ነቲ ጥበባት ክሪኢ ድማ ኩሉ ሰብ ክመጽእ ይኽእል እዩ።

ኣብ Hasselfors እቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ኣብ መአከቢ ኣደራሽ Hasselgården መደርደሪ መጻሕፍቲ ኣለዎ፡ ኣብ Tiveden ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ሓንቲ ናይ መጽሓፍ መኪና ትመጽእ፡ ንተወሳኺ ሓበሬታ ንቤተ-መጻሓፍቲ ሕተት።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ቁጽሪ ተሌፎን: 0584-47 31 96

ኣድራሻ: Postgatan 13, Laxå

ኢ-መይል፡ biblioteket@laxa.se

## Fritidsbanken

Pኣብዚ ናይ fritidsbanken ንናይ ትርፊ ግዜኻ ስፖርትን ንጥፈታትካን ዝኸዉን ናዉቲ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ፡ ንምሳሌ ብሽክለታታት ክትልቃሕ ትኽእል፣ ሀልመት (ቁራዕ ርእሲ) ናይ ብረድ መጻወቲ ሳእኒ (skridskor)፣ ናይ ሻኹ መጻወቲ (klubbor) ከምኡ ዉን ኢን ላይንስ፡ ኩሉ ሰብ ክልቃሕ ይኽእል እቲ ለቐሓት ድማ ብዘይ ክፍሊት እዩ፡ ነቲ ናዉቲ ክሳብ 14 መዓልታት ክትልቅሖ ትኽእል፡ ድሓር እቲ ዝተለቃሕካዮ ትመልሶ፡ እንድሕሪ ናዉቲ ክትልቃሕ ደሊኻ ንኣብ Laxå ዘለዉ fritidsbanken ድሃይ ትገብረሎም ወይ ናብኦም ትኸዶም።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ቁጽሪ ተሌፎን: 0584—473105

ኢ-መይል: fritidsbanken@laxa.se

Järnvägsgatan 7, 695 30 Laxå (ፊት ንፊት እንዳ ኣዉቶብስን ባቡርን)

ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ፡ ካብ ሰዓት 10.00 ክሳብ ሰዓት 18.00

ኬድካ ክትልቃሕ እንተ ደለኻ እቲ ኣድራሻ፡ Von Boijgatan 14, träffpunkt 14

ሓሙስ፡ ካብ ሰዓት 16.00 ክሳብ 19.00

## ማሕበራት ኣብ ምምሕዳር ከተማ Laxå

ማሕበር ማለት ሓደ ጉጅለ ሰባት ሓባራዊ ተገዳስነት ወይ ዕላማ ሒዞም ነገራት ብሓባር ዝሰርሑ ሰባት እዩ፡ ኣብ ምምሕዳር ከተማ Laxå ንኹሉ ድልየታት ክሽዉን ዝኽእል ማሕበራት ኣለዋ፡ ብተወሳኺ ብሄራዊ ማሕበራት፣ ንባህሊ፣ ንፖለቲካ፣ ንሙዚቃ ወይ ንኢደ ጥበብ ዝምልከታ ማሕበራት ኣለዋ።

እቲ ናህና ናይ ትርፊ ግዜ ኣማኻሪ ንዓኻን ንተገዳስነትካን ዝሰማምዓካ ማሕበር ክትረክብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡ ኣብ ናይ ምምሕዳር ከተማ Laxå ናይ መርበብ ኢንተርነት ገጽ መዝገብ ናይ ኲለን ማሕበራት ኣሎ፡ ኣብኡ ብናይ ማሕበር ስም፣ ብስርሓቶም ወይ ብዓይነት ማሕበር ከተናዲ ትኽእል።

ትርፊ ግዜ ኣማኻሪ፡ 0584-47 33 30, 070-241 43 78

መርበብ ኢንተርነት፡ www.laxa.se

ናይ ማሕበራት መዝገብ ዝርዝር፡

# ካብ ናይ Laxå ከባቢ ከተማ ወጺእካ ትነብር

## Finnerödja

ናይ Finnerödja ናይ ስፖርት ማሕበር ንስፖርት ክሰርሕ ወይ ክንቀሳቐስ ዝደለየ ንምሳሌ ኩዕሶ እግሪ ክጻወት፣ ኣብ ደገ ዝግበር ጂም፣ ብኢድካ ዝዉርውር ጎልፍ (discgolf) ንዝደሊ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣለዎም፡ ኣብ Finnerödja መብራህቲ ዘለዎ ናይ መጉየይን መንቀሳቐስን መንገድን ናይ ደገ ጂምን ኣሎ፡ ኣብ ቀረባ ዝርከቡ ክልተ ናይ ሑጻ ገማግምን ናይ ምግፋፍ ዓሳን ስፖርት ዘለዎም Unden ከምኡ ዉን  Skagern ቀላያት ኣለዉ።

## Hasselfors

ኣብ Hasselfors ሓደ ናይ ስፖርት ኣዳራሽ ንዝተፈላለዩ ናይ ስፖርት ንጥፈታት ዝዉዕል ከምኡ ዉን ንናይ ፍኑው ስፖርት ዝዉዕል ናይ ሳዕሪ ሜዳታት ኣለዉ፡ ኣብ ናይ Lillängens ተፈጥሮኣዊ ፓርክ ትረኽቦ መብራህቲ ዘለዎ ናይ መጉየይን መንቀሳቐስን መንገዲ ኣሎ፡ ናይ Hasselfors ማሕበረ-ሰብ ቁሸት ብዙሕ ንጥፈታትን ርክባትን የዳልዉ እዮም፡ ገለ ምሳሌታት ተፈጥሮኣዊ- ከምኡ ዉን ፊልም ጽምብላት፣ ናይ ዳሜራ (valborgsfirande) ምብዓል ከምኡ ኽኣ ናይ Hasselfors ጽምብል።

## Röfors

ኣብ Röfors እታ ኣገዳሲ መእከቢ እታ ናይ ህዝባዊ ገዛ ማለት ፎልከትስ ሁስ (Folkets hus) እያ፡ ኣብ ጎኒ እቲ ፎልከትስ ሁስ ናይቲ ቁሸት ናይ ቆሉዑ መጻወቲ ቦታን መጥበሲ ቦታን ናይ ንፋስ መከላኸልን ኣሎ፡ ናይ ቡቻ መጻወቲ ዉን ኣብ ታሕቲ እቲ ሩባ ኣሎ፡ ሓደ ደስ ዝብል ናይ መሐምበሲ ቦታ ኣብ ምዕራባዊ Laxsjön ላክሾ ዝብሃል ቀላይ ኣሎ፡ ኣብ ሞንጎ Laxåን Röforsን መብራህቲ ዘለዎ ናይ መጉየይን መንቀሳቐስን መንገድን መቐየሪ ክዳንን ሳዉናን ዘለዎ ኣሎ።

Tived

ኣብ ቁሸት Tived ንቱሪስት ዝስሕብ ህቡብ ናይ ተፈጥርኣዊ ፓርክ ኣሎ፡ ኣብ Tived ናይ ንኣሽቱ መራኽብ ወደብን ንእሽተይ ናይ መሐምበሲ ቦታን ዘለዎ Unden ዝብሃል ቀላይ ኣሎ፡ ኣብዚ ናይ ገጠር እንዳ ዱኳንን ቤት መግብን ዘልዋ Sannerud ትብሃል ቁሸት ዉን ኣላ፡ ኣብቲ ከባቢ ናይ ስፖርት ኣዳራሽን ናይ ዓዲ መእከብን ኣሎ፡ ዕዳጋ ናይ Sannerud ኣብ ዓመት ዓመት ኣብ ወርሒ ሸሞንተ ይካየድ ዳርጋ 10 000 በጻሓቲ ኸኣ ይመጹ።

## Kvinna i fokus ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ትኹረት

ነጻ ናይ ስፖርት ልምምድ! ጥዕናኽን ጽቡቕ ክስማዓክንን ዝያዳ ክትጻወራን ስፖርት ክትለማመዳ ትደልያ ኩልኽን ደቂ ኣንስትዮ ብድሓን ምጻና፡ ሕቶ ክትሓታን ንኽትምዝገባን በዚ ቁጽሪ ተሌፎን ደዉላ፡ 073-024 55 77፡

ኣድራሻ: Kulturens hus, Skolgatan 7, Laxå

ሰሉስን ሓሙስን ካብ ሰዓት 17.00 ክሳብ 18.00

## Träffpunkt 18 ናይ መራኸቢ ንቑጣ 18

Träffpunkt 18 ናይ ዓበይትን ናይ ኣካለ ስንኩላን ናይ መራኸቢ ንቑጣ እዩ፡ ኣብዚ ምስ ካልኦት ብሓበራ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ከምኡ ዉን ጉጅለታት ክትሳተፍ ትኽእል፡ መዓልታዊ ንጥፈታት ካብ ሰዓት 13.00; ንምሳሌ ሻሂ ቡን፣ ጂምናስቲክ፣ ቢንጎ ወይ ብእግርኻ ምዝዋር፡ መደብ ካብ ኣብ ማእከል Laxå ዝርከብ ኣደራሽ Träffpunkt 18 ኣብ ክትወስድ ትኽእል፡ ኣብቲ ኣደራሽ ናይ Laxå ናይ ጡረተኛታት ሃገራዊ ዉድብን PRO ካልኦት ዉድባትን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣለዎም።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-47 33 98

ኣድራሻ፡ Postgatan 18, Laxå (lokal träffpunkt 18)

ቀይሕ መስቀል Röda korset: 073-038 70 90

ቤተ ክርስትያን ሽወደን Svenska kyrkan: 0584-106 35

## Laxå PRO ማሕበር

Laxå PRO ብዙሕ ንጥፈታት ዘለዎ ዓቢ ማሕበር እዩ፡ ኣኼባታት፣ መገሻታት፣ ናይ ሓባር ኣስተምህሮታት (studiecirklar)፣ ሳዕስዒት፡ ቡቻ፣ ቦውሊንግ፣ ኣስተምህሮታት፣ ክንክን ጥዕናን ካልእ ብዙሕ ተወሳኺን የካይዱ፡ ገለ ናይ ጡረታ ዘሎካ ኣባል ናይ PRO ክትከዉን ትኽእል ኢኻ፡ እንድሕሪ ድኣ ኣባል ናይ PRO ክትከዉን ደሊኻ ኣብ ማእከል Laxå ዝርከብ ቤት ጽሕፈቶም ኬድካ ክትዉከሶም ትኽእል ኢኻ፡ ንናይ Laxå ማሕበር ተወከሶም ወይ ኣብቲ ናቶም ናይ መርበብ ኢንተርነት ገጽ እቶ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ኣድራሻ: Postgatan 18 (lokal träffpunkt 18)

ኢ-መይል: laxa@pro.se

መርበብ ኢንተርነት ገጽ: www.pro.se/medlem

# ንበር፣ ኣብ መናበሪ ገዛ ንበር ከምኡ ዉን ስራሕ



# ምዉህሃድን ናይ ስራሕ ዕዳጋን

ካብ ካልእ ሃገር ናብ ሽወደን ዝግዓዝካ ወይ ናብ ምምሕዳር ከተማ Laxå ሓድሽ ዝግዓዝካ ምምሕዳር ከተማ Laxå ንሕግዘካ ኢና፡ ናይ ምውህሃድና ኣማኻሪ እቲ ምምሕዳር ከተማ ከመይ ከም ዝሰርሕ ክነግረካ ይኽእል እዩ፡ ኣብ ምስ ዝተፈላለዩ ሰብ-መዚ ትገብሮ ርክብ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡ ናይ ዉሕስና ካሳ (Försäkringskassan)፣ ህዝባዊ መዝገብን ናይ ግብሪ ሰብ-መዚ (Skatteverket)፣ ናይ ስደተኛታት ሰብ-መዚ (Migrationsverket) ከምኡ ዉን መራኸብቲ ስራሕ (Arbetsförmedlingen) ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡ ምስ ናይ ቆሉዑ ክንክን ርክብ ኣብ ትገብር ግዜ ዉን ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡ ናብ ሽወደን ሓድሽ ዝኾንካ ኣስተምህሮ ናይ ሽወደን ሕብረትሰብ ኣንፈት (samhällsorientering) ዉን ይዉፈየልካ እዩ።

ናይ ስራሕ ዕዳጋ ኣሃዱ ኣሚ ዝብሃሉ (Arbetsmarknadsenheten) ሰባት ስራሕ ክረኽቡ ዝዓበየ ዕድል ክህልዎም ይሕግዙ፡

ዕድሚኦም ኣብ ሞንጎ 16 ዓመትን 64 ዓመትን ዘለዉ ሰባት ይሕግዙ፡ ንምሳሌ መንእሰይ ክትከዉን ትኽእል፣ ናብ ሽወደን ሓድሽ ዝመጸኻ ክትከዉን ትኽእል ወይ ክኣ ብዘይ ስራሕ ንነዊሕ እዋን ጠጠዉ ዝበልካ ትኸዉን፡ እዞም ናይ ስራሕ ዕዳጋ ኣሃዱ ንኽትምሃር ወይ ፕራክቲክ ንኽትገብር ይሓግዙኻ ይኾኑ፡ ፕራክቲክ ምግባር ምፍታን ስራሕ ወይ ክኣ ቋንቋ ሽወደን ምልምማድ እዩ፡ ኣየናይ ሓገዝ እዩ እቲ ንዓኻ ብዝበለጸ ዝሰማማዕካ ምስቲ ኣሰልጣኒ ስራሕ ብሓባር መደብ ተዉጽእ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ኣተሓባባሪ: 0584-47 33 84

ኣብ ናይ ስራሕ ስዓታት ዝኽፈተሉ ስዓት 8.00 ክሳብ 16.00.

## ናይ ምምሕዳር ከተማ ናይ ንጥፈታት ሓልፍነት ዘለዎ

እቲ ምምሕዳር ከተማ ነቶም ካብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደርጃ ከይወድኡ ዘቋረጹ ወይ ኩሉ ኹሉ ዘይጀመሩ ትሕቲ 20 ዓመት ዝኾኑ መንእሰያት ክድግፎም ግዴታ ኣልለዎ፡ እቲ ዕላማ ነቶም መንእሰያት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክወድኡ ወይ ክኣ ካልእ ስራሕ ክረኽቡ ክድግፍዎም እዩ፡ እቲ ደገፍ ብፍታው እዩ።

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-47 33 80 eller 073-024 55 07

ኢ-መይል፡ KAA@laxa.se

## ናይ ብጹሓት ቤት ትምህርትን SFI (ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታትን)

Allévux ኣብ Hallsberg

ቤት ትምህርቲ Allévux ንኽምሃሩ ዝደልዩ ብጹሓት እዩ፡ ኣብ Laxå ኣብ ህዝባዊ ምዝገባ ምዝጉብ እንድሕሪ ድኣ ኾንካ ክትምሃር ትኽእል ኢኻ፡ ዕድመኻ እንተ ዉሓደ 20 ዓመት ክኸዉን ኣለዎ፡ ኣብ Allévux ክትምሃር ክፍሊት ኣይትኸፍልን ኢኻ፡ ንተወሳኺ ሓበሬታ ነቲ ኣማኻሪ ተመሃራይ ተወከስ።

ኣብ Allévux እዚ ዝስዕብ ኣሎ፡ ኣስተምህሮ ብናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ደረጃ፡, ናይ ሞያ ትምህርቲ, ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (SFI - Svenska för invandrare)

ኣማኻሪ ተመሃራይ (Studie- och yrkesvägledare)
ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0582-354 32 eller 0582-354 00
ኢ-መይል vux.vagledning@allevux.se

# ኣብ Laxå ቋንቋ ናይ ሽወደንን ናይ ሕብረተሰብ ፍልጠትን ተምሃር

ኣብ ሽወደንን Laxåን ሓድሽ እንድሕሪ ኾንካ ኣብ ዝተፈላለየ ኣስተምህሮታት ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ፡ ካብ ካልእ ነገራት ቋንቋ ሽወድንን ብዛዕባ ናይ ሽወደን ሕብረተሰብን ክትምሃር ትኽእል።

Studiefrämjandet
ኣድራሻ፡ Von Boijgatan 14, መእከቢ ኣደራሽ Träffpunkt 14
ቁጽሪ ተሌፎን፡ 073-555 78 98
ሶኑይ፣ ሮቡዕን ሓሙስን ቅድሚ ቐትሪ

Studieförbundet Vuxenskolan
ኣድራሻ፡ Skolgatan 7, 695 80 Laxå
ቁጽሪ ተሌፎን፡ 019-611 94 80
ሰሉስ ካብ ስዓት 9.30-12.00 ካምኡ ኸኣ ዓርቢ ካብ ስዓት 9.30-12.00.

Studieförbundet ABF
ኣድራሻ፡ Centrumtorget 2
ሶኑይ ካብ ስዓት 13.00-16.00 ከምኡ ኸኣ ዓርቢ ካብ ስዓት 13.00-16.00

Bergskyrkan
ኣድራሻ፡ Bergskyrkan ድሕሪ Coop ትርከብ
ሮቡዕ ሮቡዕ ስዓት  09.30-11.00

## ህዝባዊ መጓዓዝያ

ጉዕዞ ብኣዉቶቡስ

ኣብ ናይ ኣዉራጃ መጉዓዝያ (länstrafiken) መርባብ ኢንተርነት www.lanstrafiken.se ናይተን ኣዉቶቡሳት ስዓታትን ኣበይ ደው ከም ዝብላን ክትርኢ ትኽእል፡ ትኬት ናይ ኣዉቶቡስ ኣብታ ኣዉቶቡስ ምስ ደይብካ ወይ ክኣ ኣብ ናይ Laxå ኣደባባይ ማእከል ዝርከብ ናይ መጣልዒ ዱኳን (spelbutik) ክትገዝእ ትኽእል፡ ኣብቲ ናይ ኣዉራጃ መጉዓዝያ መርባብ ኢንተርነት ወይ ኣብ ናይ ኣዉራጃ መጉዓዝያ ኣፕ (app) ዉን ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ።

ኣብቲ ናይ Laxå መጣልዒ ዱኳን ንቐልል ዝበለ ሕቶታት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡

ናይ Laxå መጣልዒ ዱኳን ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-100 69

ናይ ከባቢ ከተማ መጓዓዝያ (Närtrafiken)

እንድሕሪ እታ ኣዉቶቡስ ጠጠው ትብለሉ ርሕቀት ካብ ሓደ ኪሎ ሜትር ንላዕሊ ኾይኑ ወይ እታ ኣዉቶቡስ ኣብ ዉሽጢ 24 ካብ 10 ግዜ ንታሕቲ ትመጽካ እንተ ኾይና እዚ ንዓኻ ሓደ ምርጫ እዩ፡ እታ ኣዉቶቡስ ካብ ናይ ገዛኻ ኣድራሻ ናብ Laxå ከባቢ ከተማ ትኸይድ፡

ኣብ ናይ ኣዉራጃ መጉዓዝያ መርባብ ኢንተርነት ብዛዕባ እቲ ናይ ከባቢ ከተማ መጓዕዝያ ከመይ ከም ዝሰርሕ ከተንብብ ትኽእል፡ መገሻ ብቁጽሪ ተሌፎን 0771-92-00 00 ክትምዝግብ ትኽእል።

ባቡር

ማእከል ጉዕዞ ናይ Laxå ብብዙሓት ዝተፈላለያ ናይ ባቡር ትካላት ይካየድ፡ እተን ባቡራት መዓስ ከም ዝነቕላን ማለት ናይ ግዜ ሰሌዳታት ክትርእን ብዛዕባ ትኬትን ሓበሬታ ንኽትረክብ ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.reseplanerare.resrobot.se እቶ፡ ኣብኡ ናይ ሙሉእ ሃገር ናይ ግዜ ሰሌዳታት ትኣኪቡ ኣሎ።

## Återbruket tur & retur

እዚ Återbruket ኣብ ከባቢ ከተማ Laxå ዝርከብ ናይ ሰከንድሃንድ ድኳን እዩ፡ እቲ ድኳን ብምምሕዳር ከተማ ይካየድ፡ ገለ ነገራት እንድሕሪ ድኣ ክትልግስ ደሊኻ ቀጥታ ናብቲ ኣብ Mosjön ዘሎ ናይ ዳግመ-ምጥቃም ማእከል (återvinningscentralen) ብምኻድ ከትህብ ትኽእል፡ እቲ ድኳን ሰኑይ፣ ሰሉስን ሓሙስን ካብ ስዓት 9.00 ክሳብ ስዓት 11.00 ይቕበል፡ ዓርቢ ካብ ስዓት 9.00 ክሳብ ስዓት 11.00።

ናይቲ ድኳን ዝኸፈተሉ ስዓታት፡ ሮቡዕ 10.00-18.00

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 070-691 61 86

ኣድራሻ፡ Postgatan 10, Laxå

# ክንክን፣ ደገፍን ሓገዝን



## Laxå vårdcentral ማእከል ጥዕና

ንመብዛሕቶም ሕማማት ክትርአ ናብ vårdcentral ክትከይድ ትኽእል ኢኻ፡ እቲ Vårdcentral ንምሳሌ እንድሕሪ ተጎዲእካ፣ ንነዊሕ ግዜ ረስኒ እንድሕሪ ጌሩልካ ወይ ሽጋራ ምስታይ እንድሕሪ ክትገድፎ ደሊኻ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፡ Vårdcentralen ናይ ሰነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም እንተ’ሎካ ዉን ይሕግዙኻ እዮም፡ ምስ ገለ ሰብ ክትዘራረብ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡ ብምድዋል ወይ ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.1177.se ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ።

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-882 00

ዝኽፈተሉ ሰዓታት፡ 08.00-17.00

ኣድራሻ፡ Gamla Tivägen, Laxå.

ናይ ህጹጽ ሕማም ወይ መጉዳእቲ እንድሕሪ ኮይኑ ናብቲ ዓቢ ኣስቢዳለ ዘሎ ናይ ህጹጽ ሓክምና (akutmottagning) ክትከይድ ኣሎካ፡ ናበይ ከም ትኸይድ እንድሕሪ ዘይፈለጥካ ክሕብሩኻ ናብ 1177 ደዉል።

## Folktandvården Laxå ህዝባዊ ክንክን ስኒ

እንድሕሪ ድኣ ንስኻ ወይ ዉላድካ ክንክን ስኒ ኣድልዩኩም ናይ Laxå folktandvården ኣለኩም፡ ክንክን ስኒ ንቖልዑን መንእሰያትን ብነጻ እዩ፡ ናብ www.1177.se ብምእታው ወይ ብምድዋል ቆጸራ ሓዝ።

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-882 80

ኣድራሻ፡ Gamla Tivägen Laxå (Laxå vårdcentral)

# Familjecentralen
# ማእከል ስድራ-ቤት

ሓደ familjecentral ናይ ቆልዑ ዘለዎም ስድራ-ቤት መራኸቢ ቦታ እዩ፡ ናይ መጻኢ ወለድን ካብ 0 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዘለዎም ቆልዑን ናብ familjecentralen ብድሓን ምጹና፡ ኣብዚ ኣማኻሪት (kurator)፣ መሃሪት (pedagog)፣ ናርሲን ከምኡ ዉን መሕረሲት ይሰርሓ፡ ኣብዚ ንምሳሌ ሕቶታት ብዛዕባ ናይ ቆልዑ ጥዕና ሓገዝ ወይ ንዘሎካ ናይ ወላዲ ተራ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል፡ ኣብ ናይ ወለዲ ጕጅለ ብምስታፍ ዉን ናይ ዘረባ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል፡ እዚ ንጥፈታት ብነጻ እዩ፡

ሕቶታት ወይ ሓሳባት እንተ'ለኩም ን familjecentralen ክትድዉልሎም ወይ ክትከድዎም ትኽእሉ ኢኹም፡

ዝርከብሉ ኣድራሻ Gamla Tivägen (ኣብ Laxås vårdcentral ታሕተዋይ ደርቢ)።

## Öppna förskolan ክፉት ቅድመ ትምህርቲ

ንኹሎም ወለዲ ካብ 0 ክሳብ 6 ዝዓመቶም ህጻናት ዘለዎም፡ ኣብዚ ንምሳሌ ብሓባር ክትጻውቱ፣ ክትዝምሩ ከምኡ ኸኣ ጥዓሞት ክትበልዑ ትኽእሉ።

ሶኑይ ካብ ሰዓት 13.30-15.30. ሮቡዕ ካብ ሰዓት 9-11.30.

## ናይ ህጻናት እንዳ ቡን (Babycafé)

ንወለዲ ካብ 0 ክሳብ 18 ወርሒታት ዝዕድሚኦም ህጻናት ዘለዎም

ሰሉስ ካብ ሰዓት 9.00-11.30

ቁጽሪ ተሌፎን፡ መሃሪት 0584–47 31 97፣ ኣማኻሪት 0584–47 31 28

## Barnavårdscentralen (BVC) ማእከል ክንክን ህጻናት

ኣብዚ ናርሲን ክትረክብ ትኽእል፡ ኣብ barnavårdscentralen ንናይ ህጻንካ ጥዕና ሓገዝ ትረክብ፡ ሓገዝ ምርካብ ብፍቶት ኮይኑ ኣይክፈሎን እዩ።

ተሌፎን ቁጽሪ፡ 0584-882 24፣ 0584-882 26

## Barnmorskemottagningen (BMM) መቐበሊ መሕረሲት

መንእሰይ ወይ ብጽሕቲ ዝኾንኪ ንመሕረሲት ክትረኽብያ ትኽእሊ ኢኺ፡ ሕቶታት ብዛዕባ ጥንስን ብዛዕብ ምሕራስን እንድሕሪ ኣሎኪ መሕረሲት ትምልሰልኪ ወይ ክኣ ብዛዕባ ጾታዊ ርክብን ምስኡ ዝተኣሳሰር ናይ ጥዕናን ምኽሪ ትህበኪ፡ መንእሰይ ዝኾንካ/ኪ ናብ ናይ Hallsberg ናይ መንእሰያት መቐበሊ (ungdomsmottagningen) ክትከዱ ትኽእሉ ወይ www.umo.se ኣቲኹም ሓበሬታ ርኣዩ።

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-882 21

# Socialtjänsten ማሕበራዊ ኣገልግሎት

ኩሎም ሰባት ሓገዝን ደገፍን ዘድልዮም እንድሕሪ ኮይኑ ክርኸቡ ክኽእሉ ኣለዎም፡ እዚ ናይ socialtjänst ሓላፍነት እዩ፡ ሰብ ሓገዝን ደገፍን ዘድልዮ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣሎ።

እዚ ናይ Socialtjänst ንምሳሌ ናይ ኣልኮላዊ መስተ ጸገም ዘለዎም ሰባት ወይ ገንዘቦም ዘይትኣኻኽለሎም ሰባት ክሕግዙ ይኽእሉ፡ ኣብዚ ንዓኻ ወላዲ ኣብ ናይ ወላድነትካ ተራ ምኽርን ብዝርርብ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል።

እንድሕሪ ድኣ ዕድመ ዝደፋእካ ኾንካ ወይ ኣካለ ስንክልና እንድሕሪ ኣሎካ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ዓይነት ደገፋት ከተመልክት ትኽእል፡ ኣብ ገዛኻ ዝያዳ ሓገዝ ክትረክብ ክኸዉን ይኽእል ንምሳሌ ጽሬት ገዛን ናይ ባዕልኻ ክንክንን፡ ናብ ብዙሕ ሓገዝ ክትረኽበሉ ትኽእል ገዛ ምግዓዝ ዉን ክኸዉን ይኽእል፡ ኣብቲ ናይ መዓልታዊ ናብራኻ ንዓኻ ጽቡቕ ዝኾነ ነገራት ክትገብር ዉን ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እቶም ኣብ socialtjänst ዝሰርሑ ሰባት እንታይ ሓገዝ ከም ዝህቡኻ ቅድሚ ምዉሳኖም ከዘራርቡኻ እዮም፡ ናይ ሚስጢር ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም፡ ናይ ምስጢር ምዕቃብ ግዴታ ማለት እቲ ንስኻ ዝነገርካዮም ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ክዛረብሉ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

ምስ እዞም socialtjänst ክትዛረብ ኣይክፈሎን እዩ፡ ነዞም socialtjänst ኩሉ ግዜ ምኽሪ ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ ወይ ክኣ ሓገዝ እንድሕሪ ደሊኻ ባዕልኻ ኣመልክት፡ ን socialtjänsten ብኢ-መይል፣ ብተሌፎን ናብ ቤት ጽሕፈቶም ብምኻድ ተወከሰዮም።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-47 31 00

ኣድራሻ፡ Postgatan 2-4, 695 30 Laxå

መቐበል በጻሕቲ ዝኽፈተሉ ስዓታት

ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ካብ ስዓት 08.00-12.00 ከምኡ ዉን ካብ ስዓት 13.00-16.00

ዓርቢ ካብ ስዓት 08.00-12.00 ከምኡ ዉን ካብ ስዓት 13.00-15.00

## ህጹጽ

እንድሕሪ ድኣ ዝካይድ ዘሎ ናይ ህጹጽ ጉዳይ ኮይኑ 112 ደዉል እንተዘይ ኮይኑ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ናብ Socialtjänst ካብ ስዓት 8.00 ክሳብ ስዓት 16.30 ደዉል።

ካልእ ግዜ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ተረኛ socialjouren ብተሌፎን ቁጽሪ፡ 019-21 41 05 ትረኽቦም።

# ኣካለ ስንክልና

ኣካለ ስንክልና ምህላው ኣብ ትግብሮ ናይ መዓልታዊ ናብራኻ ተውሳኺ ሓገዝ ከድልየካ እዩ፡ ኤል ኤስ ኤስ (LSS) ማለት ንገለ ኣካለ ስንክልና ዘለዎ ዘርኢ ናይ ደገፍን ኣገልግሎትን ሕጊ እዩ፡ እቲ ሕጊ ኣካለ ስንክልና ዘለዎም ሰባት ደገፍን ኣገልግሎትን ክረኽቡ መሰል ይህብ፡ ኲሉ ሰብ ዋላ ዉን ኣካለ ስንክልና ይሃልዎ ከም ካልኦት ሰባት ክነብር ክኽእል ኣለዎ፡ ኲሎም ቆሉዑን ብጹሓትን ክልቲኦም ብ LSS መሰል ደገፍ ክህልዎም ይኽእል እዩ።

እንድሕር ድኣ ናይ ኣካለ ስንክልና ደገፍ ከተመልክት ደሊኻ ን ምምሕዳር ከተማኻ ክትዉከስ ኣሎካ፡ ሓደ ናይ ሓገዝ ሓላፊ እንታይ ሓገዝ ከም ዘድልየካ ኣዘራሪቡ እንታይ ሓገዝ ከም ትረክብ ክነግረካ እዩ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ቁጽሪ ተሌፎን፡ 0584-47 31 00

Postgatan 2-4

695 30 Laxå

# ኣገልግሎት

ኣብ ክንክን ጥዕና ዝዉሃብ ኣገልግሎት ኣርባዕተ ክፋላት ክህልዎ ይኽእል።

ናይ ድሕንነት ኣላርም፡ ሰብ ድሕንነት ክስምዖ ናይ ድሕንነት ኣላርም ክትከለሉ ከመልክት ይኽእል እዩ።

ምክፍፋል ምግቢ፡ 75 ዓመት ወይ ዝያዳ ዝዕድመኻ ናይ መግቢ ሳጹን ናብ ገዛኻ ክመጸካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

እታ ጉጅለ ኣገልግሎት፡ ንጥሮቶኛታትን ኣካለ ስንኩላትን ኣገልግሎት ትህብ ንምሳሌ ምጽራግ በረድ፣ ምቑራጽ ሳዕሪ ካልእ ቀልል ዝበለ ስራሓትን ንምሳሌ ምስቃል መጋረጃን ምልዋጥ ዝተበላሸወ መብራህትን።

## ናይ ጉዕዞ ኣገልግሎት (Färdtjänst)

ሓደ ሰብ ክንቀሳቐስ ብዙሕ ከጸግሞ ዝኽእል ኣካለ ስንክልና እንድሕሪ ድኣ ኣለዎ ወይ በቲ ልሙድ ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያታት ክመላለስ ዘይክእል እንድሕሪ ኮይኑ ንናይ ጉዕዞ ኣገልግሎት ክህልዎ ይኽእል እዩ፡ ናይዚ ሓላፍነት ዘለዎ ናይ ኣዉራጆ መጓዕዝያ እዩ ምምሕዳር ከተማ ኣይኮነን።

ናይ ጉዕዞ ኣገልግሎት ኣካይዲ ጉዳይ

019-602 39 00

ተወሳኺ ሓበሬታ

www.lanstrafiken.se/serviceresor

## ምኽሪ ባጀትን ዕዳን

እዚ ናይ ባጀትን ዕዳን ምኽሪ ናትካ ቁጠባ ከተማሓይሽ ትደሊ ሰብ እዩ፡ ቁጠባኻ ዘይትኣኻለልካ እንተ ኾይኑ ወይ ድማ ናይ ዕዳ ጸገማት እንድሕሪ ኣሎካ ክሸዉን ይኽእል፡ እዚ ምኽሪ ኣይክፈሎን እዩ ከምኡ ድማ እቲ ተዛርቦ ሰብ ናይ ምስጢር ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ቆጽሪ ተሌፎን፡ 0584-47 32 11

Laxå bibliotek, Postgatan 13

# ቤተ ክርስትያን ሽወድን ኣብ Laxå

ቤተ ክርስትያን ሽወደን ኣብ ምምሕዳር ከተማ Laxå ሰለስተ ጉባኤታት (ኣብ ሰለስተ ቦታ ምእመናታት ዘለዎ) ኣለዋ

• Ramundeboda ጉባኤ ከምኡ ዉን Casselgården
(ኣብ ከባቢ ከተማ Laxå)

• Finnerödja-Tiveds ጉባኤ

• Skagershults ጉባኤ (Hasselfors)

ቤተ ክርስትያን ሽወደን ኣብ ቅልዉላዉን ሓዘንን ዘለዉ ሰባት ረኺብካ ኣብ ምድዕዓስ ዓቢ ተሞክሮ ኣለዎም፡ ክትዛረብ እንድሕሪ ድኣ ደሊኻ ከዛርቡኻ ዝኽእሉ ነቦይ ቀሽን ንድያቆንን ክትዉከስ ትኽእል ኢኻ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ድያቆን፡ 0584-44 46 33

ኣቦይ ቀሺ፡ 0584-44 46 30, 0584-44 46 32

ኣድራሻ፡ Kyrkogatan 6, 695 30 Laxå

ኢ-መይል፡ bodarne.pastorat@svenskakyrkan.se

## Dans för Hälsa
## ሳዕስዒት ንጥዕና

ሳዕስዒት ንጥዕና፡ ብዙሕ ግዜ ጭንቀት፣ ሻቕሎትን ወይ ከብዶም ዘሕምሞን ካብ 12 ክሳብ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ንዘልዉ መንእሰያት፡ ጽቡቕ ክስምዓናን ክንዘናጋዕን ንስዕስዕ፡ ቅድሚ ሕጂ ናይ ሳዕስዒት ተመኩሮ ክህልወካ ኣድላይ ኣይኮነን፡ እታ ጉጅለ ብምሁራት መራሕቲ እያ ትምራሕ፡ እንድሕሪ ዝኾነ ሰብ ክፍትን ተገዳስነት ዘለዎ ትፈልጥ ኾንካ ንናይ ከተማ ምምሕዳር ናይ ትርፊ ግዜ ኣማኻሪ ወይ ናይ familjecentralen ኣማኻሪት ኽዉከስ ይኽእል እዩ።

ናይ መወከሲ ሓበሬታ

ናይ ትርፊ ግዜ ኣማኻሪ፡ 070-640 72 22

ኣማኻሪት፡ 0584-47 31 97 ወይ 0584-47 31 28

## ህጹጽ ሓገዝ

ንስኻ ወይ ካልእ ሰብ እንድሕሪ ድኣ ሓሚምኩም እሞ ህጹጽ ሓገዝ ኣድልዩ ክትድዉለሉ ትኽእል ተሌፎን ቁጽሪ።

## 112

112 ናይ ሸወደን ናይ ህጹጽ ተሌፎን ቁጽሪ እያ፡ 112 ለይትን መዓልትን ክፍቲ እያ፡ ንስኻ ወይ ካልእ ሰብ ኣብ ህጹጽ ኩነታት እንድሕሪ ኣለኹም እሞ ሓገዝ ብቕጽበት እንድሕሪ ደሊኹም 112 ደዉል፡ ፍጡን ሓገዝ

ንምሳሌ ካብ ፖሊስ፣ ካብ መጥፋእቲ ሓዊ ቢምቦሪ ወይ ካብ ኣምቡላንሳ እንተ ኣድልዩካ 112 ደዉል።

## Polisen ፖሊስ

ንህጹጽ ሓገዝ ናብታ ናይ ህጹጽ ተሌፎን ቁጽሪ 112 ደዉል፡ ንህጹጽ ዘይኮነ ፖሊሳዊ ጉዳይ ተሌፎን ቁጽሪ 114 14 ደዉል፡ ዝቐረበ መደበር ፖሊስ ኣብ Hallsberg, på Västra storgatan 6–8 ይርከብ፡

ዝኸፈተሉ ስዓታትን ናይ መወከሲ ሓበሬታን ኣብ ናይ ፖሊስ መርበብ ኢንተርነት ገጽ www.polisen.se ትረክብ፡

ኣብቲ መርበብ ኢንተርነት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ ዝምላእ ወረቐት ማለት ፎርም ከምኡ ዉን ናይ ምምልካት ክእለት።

## 1177

እንድሕሪ ንስኻ ወይ ገለ ካብ ስድራኻ እንተ ሓሚምኩም ተሌፎን ቁጽሪ 1177 ትድዉል፡ ሽዑ ካብ ሓንቲ ናርሲን ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል፡ 24 ስዓት ክትድዉል ትኽእል፡ ኣድላይ እንድሕሪ ኮይኑ ክንክን ኣበይ ከም ትረክብ ይሕብሩኻ፡ እንድሕሪ ህጹጽ ናይ ሰነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝ ኣድልዩካ ናብ 1177 ክትድዉል ትኽእል፡ ኣብ 1177.se ብዛዕባ ጥዕናን ሕማማትን ሓበሬታ ኣሎ።

## BRIS

ዕድመኻ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾንካ መንእሰይ ዝኾነ ሓገዝ እንድሕሪ ኣድልዩካ ን Bris ተወከሰም፡ ክትድዉል፣ ቻት (chatta) ክትገብር ትኽእል ወይ መይል ክትሰድድ ትኽእል፡ ከም ብጹሕ ንደቅኻ ዝምልከት ሕቶታት ወይ ሻቕላ እንተ'ሎካ ን Bris ክትወከስ ትኽእል።

ህጻናት ክድዉልዎ ዝኽእሉ ናይ ሓገዝ ተሌፎን ቁጽሪ፡ 116 11

ብጹሓት ክድዉልዎ ዝኽእሉ ናይ ሓገዝ ተሌፎን ቁጽሪ፡ 0771-150 50 50

ናይ መርበብ ኢንተርነት ገጽ፡ www.bris.se

## Kvinnofridslinjen
## ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ሰላም መስመር

ናብዚ kvinnofridslinjen እንድሕሪ ዝኾነ ኣፈራሪሑኪ፡ ተወቒዕኪ ትሃሪምኪ፡ ብስጋዊ ጾታ እንድሕሪ ትዓሚጽኪ ወይ ብሕማቕ ኣተሓሕዛ እንተ ተታሒዝኪ ክትድዉሊ ትኽእሊ፡ ከምዚ ዘጓነፋ ዘመድኪ ወይ ገለ መሓዛኺ እንተ'ላ ዉን ብዛዕባዚ ክትሕብሪ ዉን ክትድዉሊ ትኽእሊ ኢኺ፡ 24 ሰዓታት ክፍት ኮይኑ ኣይክፈሉን እዩ፡ እቲ ዝደወልክሉ ኣብቲ ናይ ተሌፎን ዕዳ ኣይርአይን እዩ፡ ቁጽሪ ተሌፎን፡ 020-50 50 50

LAXÅ
KOMMUN